


<u>ቤተ ክርስትያን</u>
<u>መድሃኔ ኣለም</u>
<u>ቶሮንቶ</u>

*መይ 12፡ 2016*

ቤተ ክርስትያን፡ ቤት ናይቶም ብእግዛብሄር ዝኣ ምኑን ንኣምላኽ ዝፈርሑን ሰባት እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ካብ ካህናት ጀሚ ርካ ክሳብ ኣብ ቤተ ክርስትያን ዝመላለሱ ምእመናን፡ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቂ ሰባት ዝወርድ ግፍዒ ዓገብ ዝብሉ፡ ዝተጻልኡ የሕዋት ዝዓርቁ፡ ንዝተኣስረ ዘፍትሑ፡ ነቲ ንኽይዛረብ ዝተኸልከለ ናቱ ጸገሙን ሽግሩን ዝገልጽሉ ኣፈኛ ዝኾኑሉ፡ ሰባት ንኽምህለሉ ዘተባብዑ፡ መራሕቲ ሃገር ብፍትሒ ከማሕድሩ ዝምሕጸኑ ደኣምበር ንበደልትን ገፋዕትን ኣብ ቤተ ክርስትያን ዘዕቁቡ ወይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ግፍዒ፡ ከምዘይርኣይዎ ሽለል ዝብሉ ክኾኑ ኣይግባእን።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ መይ 8፡ 2016፡ ንግደት ናይ እንዳ መድሃኔ ኣለም፡ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተሃዋዶ ቤተ ክርስትያን፡ ቶሮንቶ፡ ካናዳ ስለዝነበረ፡ ብዙሕ ሰብ ንኽነግድ ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ተኣኪቡ ነበረ። ኣብቲ ጎልጎል ቤተ ክርስትያን ንመቐበሊ ኣጋይሽ ዝኸውን ከኣ ዓቢ ዳስ ተተኺሉ ነበረ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ቴንዳ፡ ካብ መሬት ልዕል ኢሉ፡ ኣብ በሪኽ ከፍታ፡ ንጳጳሳት፡ ንድያቆናት፡ ንሰበኻ ጉባኤ ወይ ንዓበይቲ ኣቦታት ማዕሪጎም ኮፍ ዝብልሉ መድረኽ ተሰሪሑሎም ነበረ። እቲ ዘስደምም ግን ድያቆናት ኮፍ መበሊ

ስኢኖም ኣብ ደገ ወጺኦም ከብቅዑ፡ እቶም ቀደም እንተኾነ ወዶገባታት ዝነበሩ ሕጂ እንተኾነ'ውን ናይቲ ንህዝብና ዘጥፍእ ዘሎ ህ.ግ.ደ.ፍ. እሙናት ኣገልገልቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ኣብቲ በሪኽ መድረኽ ናይ ክብሪ፡ ኣብ ጎድንታት ካህናት ኲድጭ ኢሎም ነበሩ።

እቶም ድያቆናት ዝሰኣንዎ ጉቡእ ኮራሲ፡ ነዞም ወዶገባታት ዝነበሩ ኤርትራውያን ተሓዚኡን ንሶም ኣብ ጎድኒ ካህናት ተኾይጦምን፡ ምርኣይና ኣጸቢቑ ዘገርም ነበረ። ኣብቲ በሪኽ መድረኽ ናይ ክብሪ፡ ምስ ካህናት ተሰቒሎም ዝነበሩ፡ ኣቶ ጥዕምዝጊ ትርፌ (ቆንስል መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቶሮንቶ)፡ እስቲፋኖ ንጉሰ ከምኡ'ውን ሓይልኣብ ተመስገን ነበሩ።

ሓይልኣብ ተመስገን፡ ካብ ጀብሃ (ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ) ናብ ደርግ ኢዱ ብምሃብ "ወዶገባ" ዝነበረ ሰብ እዩ። እስቲፋኖ ንጉሰ ከኣ ኣባል ናይቲ ደርግ ዘቖሞ ኢ.ሰ.ፓ. (የኢትዮጵያ ሰራተኞች ፓርቲ) ዝነበረ ሰብ እዩ። እስቲፋኖስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገድልታት ገዚፍ መስዋእትታት ክኸፍልን ዘይተኣደነ ሓሳረ መከራታት ክስሕንን ከሎ፡ ንሱ ንኤርትራ ሓንቲ ሓመድ እኳ ተጸይቑላ ኣይፈልጥን።

ኩሎም ኤርትራውያን ኣቦታትን ኣዴታትን፡ ንዝኾነ መልክዓት ግዕዘ ፖለቲካ ኣብ ኣሰላልፋ ቤተ ክርስትያናት ከምኡ'ውን ኢድ ኣእታውነት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ጉዳያት ቤተ ክርስትያናት ክውግዙ ንላቦ። እቶም ብሓቂ ተመለኽቲ ናይ ሰመያዊ ኣምላኽ ድኣምበር ተመለኽቲ ናይ ውልቀ መልኪ ዘይኮኑ ቅኑዓት ኀሶት ፈጣሪ፡ ብሕግታት መጽሓፍ ቅዱስ ጸኒዖም ክኀዓዙ ነማሕጽን።

ዝኾነ ቤተ ክርስትያን፡ ቤት ኣምላኽ ምኻን ተሪፉ ቤት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምኻን እንተቐጺሉ፡ ነዞም ከምዚኦም ዓይነት ቤተ ክርስትያናት ምስ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣልጊብና ክንቃለሶም ምኻንና ነዘኻኽር ኣሎና።

ተፈጸመ።

ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ቶሮንቶ